<u>**ዘይ ሕለል መኸተ ንፍጹም ዓወት ማሕበረ ኮም ኦክላንድ።**</u>

ሃገር ንዓኹምን ከማኹምን ሒዛ እንታይ ከይትኸውን ምባል ንማሕበረ ኮም ኦክላንድ (ECCCC) ኣይወሓዶምን'ዶ? እዚ ማሕበረኮም'ዚ ንሓያሎ ዓመታት ጸረ ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾኑ ጉጅለታትን ውልቀ ሰባትን መኪቱ ዝሰዓረ ጥራሕ ዘይ ኮነ፡ ድምጾም ድምጽማጾም ዘማህመነ ሓያል ካብ እምነቱ ነቕ ዘይብል ማሕበረኮም እዩ። ንኹሎም ኤርትራውያን ምእንቲ ሃገሮም ንብረቶም፡ ጉልበቶም፡ ገንዘቦምን ከይበቐቐ ዝህቡን ዝቃለሱን/ሳን ዝሓቖፈ ጽኑዕ መሰረት ዘለዎ ማሕበረ ኮም እዩ። ሓለገት ጽንዓቱን ሓድነቱን ዘመስከረ፡ ናይ ገዛእ ነብሱ ማእከል ማሕበረ ኮም ዝውንን ኣብ ሕምብርቲ በይ ኤርትያ ዝርከብ ኮይኑ፡ ነቶም ዘመን ኣምጽኦ ዝኾኑ ወይጦታት ጃንዳ ከም መስቀል ዝረኤ ሰይጣን ኮይኑዎም ዘሎ፡ እንሆ ሎሚ ዓመትውን ንተንኮል ከድዓት ብዲፕሎማሲያዊ ብቕዓት ራዕዲ ኣእቱዩሎም ይርከብ። ንዓሻ ኀቢየ ህድእ እንተበለ ዝደኸመ ይመስሎ ከምዝበሃል፡ ነዞም ብቱኳቦ መንነቶም ዝሸጡ በዚ ናይ መበል 26 ዓመት በዓል ናጽነትና ብቤት ጽሕፈት ከንቲባ ኦክላንድ ተፈላጥነት ዝረኸበ ስነስርዓት ንዕዘብ። እዚ ድምጺ ዘይብሉ መድፍዕ ንተጻባእቲ ሕማም መንጸሮር ኣሕዲሩሎም ኣሎ።



# የውሃና! የውሃና! የውሃና!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።